# *ደምዳሚ መግለጺ ስሩዕ ኣኼባ*
# *ግዝያዊ መሪሕነት ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ*

*ግዝያዊ መሪሕነት ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ ካብ 17 ክሳብ 23 መስከረም 2024 "ብሓድነትና፡ ናብ ዓወትና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ሱሩዕ ኣኬባኡ ኣካይዱ።*

*ግዝያዊ መሪሕነት ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ፡ ኣብ መኽፈቲ ሱሩዕ ኣኬባኡ፣ ውሽጣዊ ጉዳይ ሰልፍናን፥ ኩነታት ደምበ ታቓውሞን፣ ኣብ ሃገርና ሰፊኑ ዘሎ ጽንኩርን በዳህን ኩነታትን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢና ዝካየድ ዘሎ ቅልጡፍ ፖሊቲካውን ወትሃድራውን ሓደገኛ ምዕባሌታትን ዘጠቓለለ ሰፊሕ ዛዕባታት ኣልዒሉ ዓሚቑ ዝርርብን ገምጋምን ኣካይዱ። ህዝብና ካብቲ ብሰንኪ ኣዕናዊ ፖለሲታት ስርዓት ህግደፍ ዘሕልፎ ዘሎ ኣሰቃቒ ህይወት ንምግልጋሉ፣ ብደለይቲ ፍትሒ ዝካየድ ዘሎ ዘይሕለል ቃልሲ ብኸመይ ክድንፍዕ ኣለዎ ዝብል ጉዳይ'ውን ኣኼባ መሪሕነት ስልፊ ብዕቱብ ርእይዎ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ሰልፍና ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣጋጢምዎ ዝነበረ ውሽጣዊ ሓርጎጽጎጽ ብሳላ ጽኑዓት ኣባላቱ ክሰግሮ ምብቅዑን፣ መሰርዑ ዳግማይ ብምውዳብ ከም ወትሩ መሪሕ ሃገራዊ ተርኡ ንኽጻወት ዘኽእልዎ መደባት ሰሪዑ ምህላዉ ንኣባላትናን ንሓፋሽ ህዝብናን ክንሕብር ንፈቱ። ቀጺሉ ኣኼባ መሪሕነት ሰልፊ ሕዳሴ ኣብ ቅዋምን ፖሊቲካዊ መደብ-ዕዮን 4ይ ጉባኤ ሰልፍና ዝጸደቑ ውሳኔታት መሰረት ብምግባር፣ ሓጺር መጻኢ ዕማም ዝመርሕ መደባትን መምሪሕታትን ብምጽዳቕ፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ብምምዛዝ ኣብ ሓጺር እዋን 5ይ ጉባኤ ከካየድ መዲቡ።*

*ስሩዕ ኣኼባ ግዝያዊ መሪሕነት ኣብ ሃገርናን ቀርኒ ኣፍሪቃን ከባቢ ቀይሕ-ባሕርን ማእከላይ ምብራቕን ዘሎ ሓፈሻዊ ዘይርጉእ ፖለቲካውን ናይ ኮናት ኩነታትን ብዓሚቑ ርእዩ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ፣ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘሎ ኩነትን፡ ህዝባዊ ምልዕዓል ኣበጊሱ ዘሎ ሕኑን ናይ ለውጢ ቃልስን ኣብ ምምእዛን ዝህልወና ግደን፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ውሽጣዊ ኩነታት ስልፊ ንምምእዛንን፡ ንመጻኢጉዕዞ ክሳብ 5ይ ጉባይ ዝመርሑ ግዝያዊ መሪሕነት ብምምራጽ መደባት ዕዩኡ ብምስራዕ'ዩ እዞም ዝስዕቡ ውሳኔታት ድማኣመሓላለፉ፡-*

- *ኣብዚ እዋን'ዚ ኩነታት ሃገርናን ህዝብናን ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ቲ ጉጅለ ህግደፍ ዝነብሮ ዘሎ ኣሰቃቒ ሃለዋት፤ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናባኣሰ ዝኸይድ ዘሎ፣ ማይ፣ መድሃኒት፣ መግቢ፣ መብራህትን ካልኦት መሰረታውያን ቀረባትን ኣብ ዘይርከበሉ ኮነታት ምህላዉ፡ ተገንዚብና ቃልስና ንጽባሕ ዝባሃል ዘይሙኧኑ ብምግንዛብ፡ ቃልስና ንምድንፋዕ ኩሉ ዓቕምታት ሰልፍና ምውፋር፨*

- *ግበታዊ ስርዓት ህግደፍ ስልጣኑ ንምንዋሕ፤ ንህዝብና ኣብ ውግእን ወረውግእን ጅሆ ሒዙ፣ ኣብ ዝጸሕተሮ ናይ ኮናት እቶን ይነቑቶ ምጽንሑን ምህላዉን ከይኣኽሎ፡ ሎሚ እውን ዘንጸላሉ ዘሎ ኣተሓሳስባን ኣሻቓሊ ሃዋሁን ከይተበገሰ ናብ ዘይተደልየ ማኣዝን ንኸይምዕብል ኩሉም ሃገራውያን እጃሞም ክጻወቱ ሰልፍና ኣድማዒ ተራ ክጻወት ኢዩ።*

- *ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣብዚ እዋንʼዚ ዘካይዶ ዘሎ ሓቢርካ ናይ ምቅላስ መስርሕ ደገፍና ነረጋግጽ። ብፍላይ ድማ ምስቶም ምስ ሰልፍና ዝተቐራረበ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ኣተሓስባን ዘለወን ሓይልታት፣ ነቲ ደስኪሉ ዝጸንሓ ሓቢርካ ናይ ምቅላስ ብደረጃ ግንባራት ይኹን ክኒኡ ንዝኸይድ ናይ ቃልሲ መንገድን ክንከዶ ሙኧና ነረጋግጽ።*
- *ካብ ምምስራቱ ኣትሒዝና ክሳብʼዚ ሰዓትʼዚ ብኹሉ ዓቕምታትና ተዋፊርናሉ ዘሎና ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምሕያልን፣ ሃገራዊ መሪሕ ተርኡ ኣብ ምዕዛዝን፣ ከም ወትሩ ስልፍና ዝተዓጸጸፈ ተራ ክጻወት ምኧኑ ኣኼባ ወሲኑ።*
- *ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ዝምዕቡሉ ዘለዉ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ውሽጣዊ ዘይቅርዑይ ኣካይዶኦም ብምምእዛን ከም ኣብ ናይ ሓባር ጸላኢ ኣቶኪሮም ይቃልሱ ምህላዎም እንድግፎን ጎናዊ ከይዲ ግን ብዘተ ንምእራሙ ከምዝሰርሕን ኣስሚሩሉ።*
- *ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ ኢንጅር እድሪስ ኑሩ ዓብደልሓይ ከም ኣቦ ወንበርን፡ ከሙኡʼውን ሓው ማሕሙድ መሓመድ ሓጂ _ ከም ምኽትል ኣቦ ወንበርን ዝርከብዎ ዕስራ ዝኣባላቱ ግዝያዊ መሪሕነት ሰልፊ መሪጹ።*
- *ኣብ ውሽጣዊ ኩነተ ሰልፍና፡ ናይዚ ጸረ ሓድነትን ዘገምእ ንዳበለ ንኣስታት ልዕሊ ሰለስተ ዓመታት ክቕልቀል ዝጸንሓን ማዕቢሉ ዘሎ ምግሃስ መትከልን ዕላማ ቃልሲ ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሕን ብዘይ ኣፍልጦ መሪሕነትን መሰረታትን ሰልፊ ሚዛኑ ኣስሒትካ ናብ ግጉይ ማኣዝን ክኸይድ ዝጸንሓ፡ ዝገደደ መስደመም ኣብ መወዳእታ ንኣኼባ ንዘተን ኢሂን ሚሂን ንዘቃራርብ ጻዊዒት ብምሕሳም፡ ንመትከል ዝንቕንቕ ቅልውላው፡ ንእርማቱ ተደጋጋሚ ብቓልን ብጹሑፍን ኣብ ዝተፈላለዩ ኣኼባታትን ርክባትን ብውልቅን ብእኩብን ብሽማግለታትን ወለንተኛታትን ኣሕዋትን ዝተገብረ ፈተነ ክሳብ ሕጂ መልሲ ዘይረኸበ ፡ ካብ ህዝቢ ዝተኸወለ ክመስሎምን እኩይ ተግባራት ኣንጻር መትከላትን ዕላማታትን ሰልፊ መልስታቶም ገና ኣብ ጎናዊ መልስታት ዘድሃበ ምኧኑ ብተኸታታሊ ክንስምዖ ምጽናሕና፣ ንዓናን ንተቓለስቲ ፍትሒ ኤርትራውያንን ኣስደሚሙ ይርከብ። እንተኾነ ግን ሕጂ እውን ብትዕግስቲ ንዝመጽእ ምቅርራብን ዘተን ሽምግናን ብምድባይ ሓድነት ሰልፍና ንምሕላው*

*ክንቃልስ ሙኳና ኣኼባ ግዝያዊ መሪሕነት ኣስሚሩሉ።በዚ ኣጋጣሚ ንኹሎም ኣብዚ ጉዳይ ተረኺቦ ሰልፊ ንምድሓን ብተግባር ዝተሰተፉ ኣባላትን ፡ ፖለቲካውያን ሓይልታትን ስቭካውያን ማሕበራትን ፡ ውልቀ-ሰባትን ልባዊ ምስጋንና እንዳቐረብና ነቲ ዝካየድ ዘሎ ጉዕዞ ምእንቲ ፍትሕን ሓርነትን ኣብ ዓወት ንምብጻሕ ሓቢርና ቃልስና ከነሐይል ፡ ንዝጠልበና ዘሎ መድረኽ ሓቢርና ክንሰርሕ ድልውነትና ካብቲ ዝሓለፈ ብተዓጻጻፊ ክዓቢ ሰልፍና ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሒ ቃልና ንሕድሰሎ ምኳኑ ንኹሉ ደላይ ፍትሒ ክንሕበር ንፈቱ።*

*ኣብ መዛዘሚ ኣኬባ ግ/መ/ሰ/ሕ/ኤ/ፍ/ ብኣቦ መንበሩ፣ ሓው ኢንጂ/ እድሪስ ኑሩ  ቃል ኣብ ዘቕረበሉ ንምምላስ ሓድነት ሰልፊ ብዘማእዝን ንዝግበሩ ዕዮታት ጽቡቕ ናይ ቃልሲ ግዜ ብምምናይ  ናይ ዓወት ትምኒቱን ንኣኼበተኛ ድሕሪ ምግላጹ፡ ሃለዋት ሃገርናን ህዝብናን ዝሓለፎ ዘሎ መሪር ኩነታትን ንሰልፍና ዝጽበዮ ዘሎ ብድሆታትን ኣብሪሁ። ቀጺሉ ብቕደም-ስዓብ ተሰሪዑ ሓሙሽተ ፈጻምቲ በብተራ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነቶም ዘሰላሰል ሰልፍና ንምሕያልን ዝዕለምኡ መደባት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ መዳይ ውደባዊ፣ ቁጠባዊ፣ ፖሊቲካዊ፣ ዜናዊ፣ ማሕበራውን ዲፕሎማስያውን ንጥፈታቱ ከዛይድ መብጽዓኡ ኣሓዲሶ።*

*ክብርን ሞገስን ንሰማእታት ኤርትራ!!*
*ዓወት ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!!*
*ውድቀት ንገበትን ዓመጽትን!!*

*ግዝይዊት መሪሕነት ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ*
*24 መስከረም 2024*